27-ሕዳር-2023

**ሓድሽ ማዕቀፍ ( መትከል ኣሰራርሓ) ምምቕራሕ መጓዓዝያ ናብ ፍሉያትን መቖበሊ ኣጋይሽን ክፍልታት ( ሓድሽቲን ተምሃሮ ኣብ ደንማርክ ከሙኡ ውን ፍልይ ቤት ትምህርቲ** )

**ኽቡራት ኣቦን ኣደን**

ኣብ መጻኢ ኣብ ፍሉይን መቖበሊ  ኣጋይሽን ( ሓድሽቲን ተምሃሮ ኣብ ደንማርክ ከሙኡ ውን ፍልይ ቤት ትምህርቲ )

ንዝርከቡ ተማሃሮ ምምቕራሕ መጓዓዝያ ብኸመይ ከም ዝካየድ ሓድሽ ማዕቀፋት ስለዘሎ እየ ዝጽሕፈልኩም ዘለኹ። እዚ ሓድሽ ማዕቀፍ፡ ኣብዚ ሓጋይ ብፖለቲካዊ ኣገባብ ዝተወሰነ፡ ኣቐዲምና ድማ ብዛዕባኡ ብጽሑፍ ተሓቢርኩም ኢዩ ፡ ዝተቐየረ ደረጃ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ናብ ፍሉያትን መቐበሊ ኣጋይሽን ክፍልታት ዝዝርጋሕ እዩ። ( ሓድሽቲን ተምሃሮ ኣብ ደንማርክ ከሙኡ ውን ፍልይ ቤት ትምህርቲ )

ምስ ደረጃ ኣገልግሎት  ዝተታሓዘ ፡ እቲ ሓድሽ ስርዓት  ምምቕራሕ መጓዓዝያ ኩሉ ግዜ፡ እቲ ውልቀ-ተማሃራይ ( ነፍሰወከፍ-ተምሃራይ ) ብዝተኻእለ መጠን ርእሱ ዝኽኣለ ንምግባር ዝዓለመ ምዃኑ ንምርግጋጽ ኣድላዪ እዩ። በዚ ምኽንያት እዚ ንኻልእ ነገራት ሓዊሱ ኣብ መጻኢ ናይ ውላድካ ናይ መጓዓዝያ ኣድላይነት ብተከታታሊ ርክብ ክግበር ኢዩ።  ንመቐጸልታ፡ እቲ ቤት ትምህርቲ ምሳኻትኩም፡ እቲ ሕጂ ዘሎ መጓዓዝያ ክቕጽል ኣለዎ ድዩ ወይስ ክቕየር ዝብል ዘተ ከካይድ እዩ፡ ምእንቲ ድሌታትን መጓዓዝያን ከም ዝሰማምዑ ክረጋገጽ። ኣብ ፍሉይን መቐበሊ ኣጋይሽን ንዝርከቡ ተማሃሮ መጓዓዝያ ክምድብ፣ ( ሓድሽቲን ተምሃሮ ኣብ ደንማርክ ከሙኡ ውን ፍልይ ቤት ትምህርቲ )

ከናውሕን ክቕይርን ዝኽእል ቤት ትምህርቲ እዩ። ኣብ መንጎ ምክትታል ዘሎ ንውሓት ግዜ ብዓይነት መጓዓዝያ ይውሰን፤

| መጓዓዝያ | ኣብ ክንደይ ግዜ ምክትታል ይግበር |
|---|---|
| ህዝባዊ መጓዓዝያ/ናይ ቤት ትምህርቲ ኣውቶቡስ | 1 ዓመት |
| ናይ መጓዓዝያ ኣበል ዘለዎ | 1 ዓመት |
| ፍሉይ መጓዓዝያ | 6 ወርሒ |
| ብፍሉይ ዝተዳለወ መጓዓዝያ | 4 ወርሒ |

ውላድካ ብፍሉይ ዝተዳለወ መዓዓዝያ እንተረኺቡ፡ እቲ ቤት ትምህርቲ ምሳኻ ብምትሕብባር፡ ኣብ መጻኢ እዋን ውላድካ ኣብ መወዳእታ ከመይ ጌሩ ውሑድ ኢዚ ዓይነት መዓዓዝያ (ንኣብነት ፍሉይ መዓዓዝያ) ክጥቀም ከም ዝኽእል ውጥን ክሰርሕ ኣለዎ። እቲ ትልሚ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣርባዕተ ወርሒ ይከታተል።

ከም ሓድሽ ነገር፡ PPL (Pedagogical Practice and Learning) ( ብስለ-ምምህርናዊ፡ ግብራዊ/ብግብሪ መሃርን ) ኣብ መጻኢ ንኹሎም ብፍሉይ ዝተዳለዉ ፍልይ ዝበለ መጎዓዝያ ምጅማር ከጽድቕ ኣለዎ። እዚ ንኹሉ ቀጻሊ ምድላዋት( ተጀሚሩ ዘሎ) መዓዓዝያ እውን ኣዩ ዝምልከት። እቲ ቤት ትምህርቲ ነቲ መመልከቲ ናብ PPL ናይ ምቕራብ/ምልኣክ ሓላፍነት ኣለዎ።

**ኣብ ቐጻሊ ኢንታይ ይኸዉን**

ንመዓዓዝያ ውላድካ ክትከታተሉ እትኽእል ግዜ ምስ በጽሐ፡ በቲ ቤት ትምህርቲ ክትሕበር ኢኻ፡ ንሱ ድማ ብዛዕባ ድሌታት መዓዓዝያ ውላድካ ንዝግበር ዘተ ክዕድመካ እዩ። እዚ ምናልባት መብዛሕትኡ ግዜ ምስ ካልእ ርክብ ምስቲ ቤት ትምህርቲ (ንኣብነት ምስ ወለድቲ ተምሃራይ ቤት ትምህርቲ ዝግበር ዝርርብ ( skole-hjem-samtale ኣኼባ መርበብ ) ዝተኣሳሰር ክኸውን እዩ። ድሕሪኡ እቲ ቤት ትምህርቲ እቲ ናይ መጎዓዝያ ዘወሃብ ዕድል ክቕጽል ኣለዎ ድዩ ወይስ ክቕየር ይውስን።

ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ መድብ ( ፕሮግራም/ውጥን ) ቅድሚ ነዊሕ ግዜ አንተ ኮይኑ ኢቲ ንዉላድኩም ዘድልዮ ናይ መጎዓዝያ ዓይነት ዜይ ተካተልናዮ አንተ ኮይኑ፡ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍካ ምክትታል ክግበር ኣለዎ እዚ ከኣ ውላድካ ብፍሉይ ዝተዳለወ መዓዓዝያ እንተ ተዋሂብዎ እውን ይምልከት ኢዩ።

**ሕቶታት?**

ብዛዕባ መዓዓዝያ ውላድኩም ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝህልወኩም፡ በጃኹም ናብቲ ቤት ትምህርቲ ተወከሱ። ብዛዕባ ምሃብ መዓዓዝያ ኣብቲ ተተሓሒዙ ዘሎ ሓበሬታ ወረቐትን ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኮሙን ሲልካቦ ( ምምሕዳር ሲልካቦ ) እውን ዝያዳ ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም። Silkeborg.dk

ምስ ሰናይ ሰላምታ፣

ቶማስ ቦርን ስሚዝ

ሓላፊ ቤት ትምህርቲ ( ዳይረክተር)